# **<u>ካብዚን....ካብትን</u>**

## ሳልሳይ ክፋል

Mekonen Anteray

ኣብዚ ዓመት ተውዲኡ ናብ ሓድሽ ዓመት ክንሰጋገር ንቀራረበሉ ዘሎና ግዜ፡ ከመይ ኣሎና? ክብል ከለኹ፡ እንታይ መልሱ ብዘየገድስ እቶም ምሉእ ጥዓና ዘለኩም ከይጎድለልኩም፡ እቶም ዝጎደለኩም ክምልኣልኩም ይምነየሉኩም። ኣብ ሓድሽ ዓመት ተመነ እኳድኣ ኣዛይድ ኣቢልካ እዩ፡ ዝብለና። መቸም ኩላትና ናይ ፓርት'ታይም ተዋሳእቲ ፖለቲካ እናሞ፡ ኣብቲ መዳይ'ውን ወርቂ ክትብሉኒ እኳ እንተዘይተጸበኹ፡ ካብኡ ዝኸፍእውን ነይሩ እዩ። ሕጂ ድኣ ዘይባዕልና ንኽእሎን ሰለይ ከነብሎን ኢና፡ ክትብሉኒ እዩ ትጽቢተይ።

ከምዛ ከማይ እንተኾይንኩም ግን ብሓፈሻዊ ንሱ ኮይኑ፡ በቢውልቅና ግን ወርቂ ምባል እኹል ኣይኮነን። ነንገዛእ-ርእስኻ ምፍታሽ ዘድልዮ ግዜ በጺሕና ከምዘሎና ዝእምቱ ምልክታት ንዕዘብ ኣሎና። ሎሚ ነብሰ-ፍተሻ ዘድልዮም ብዙሓት'ዮም። ምስ ገዛእርእስኻ ምጽብጻብ።

ማለትሲ ብእምነተ-ሃይማኖት ነስሓ ወይ ምንሳሕ ማለት እዩ። ብፖለቲካ ከኣ ነብሰ-ነቀፌታ ይብሉና። እዚ ዝነበረን ዘሎን ኩላትና ንፈልጦን እዩ። እቲ ምንሳሕ'ውን ኣበይን ብኸመይን ይካየድ ብዘየገድስ፡ ንሳቶም'ውን ከምኡ በታ ዝጥቀምሉ ቛንቛን ኣገባብን፡ "ተዳለዉ" እንዳበሉ የዘኻክሩና!

ቁልቁልዝኣፉ፡ ሰንቂ ግደፉልና፡ ከይብሉ ከምዝመስለኒ ውርዙይ ናይ ወራዙት ማዕዳ'ዩ፡ ስንቅኹም ተማልኡ ይብሉና። ንከብዲ ዝብላዕ ዘይኮነስ ንነብሲ መድሓኒ። ኣብዚ ሰብዓ/ስማንያ ዓመት ለፊዕኩምሲ ኣብ ?ላዕሊ? ክኣ ንመዋእል ኣብ ጋሃነም ከይትኣትዉን ብሓዊ ከይትሓሩን።

እቲ ዝኣዘዙኻ ምስ ገበርካ ነብስኻ ኣንጺህካ ጥንቅልዒት በጥ ትብል። ሽዑ ድኣ "ሞት ከም ኣዳም" ። ምኽንያቱ ነጺህካን ሰኒቕካን ኣስኒቕካን እንዲኻ፡ ድሕሪኡ ነቲ ዘይተርፍ ትጽበ። ዝተረፈካ ዘየለ፡ ምስ'ቶም ወትሩ ዘጽመሙኻ ተሓጉጒስካን ኣሕጉስካዮም በቃ ስንቅኻ ቋጺርካ ተዳሊኻ ኢንዲኻ።

ስለዝኾነ ቅድሚ ምንሳሕ ከተማለኦምን፡ ክትገብሮም ንዝግበኣካ ቅደመ-ኩነት ምድላውን ምግባርን ኣገደስቲ እዮም። ኣእምሮ ክሳብ ዝሕገዘካ ትዝክር'ሞ ንኹሎም ዝበደልካዮም እቕሬታ ክትሓትት ትዳሎን፡ ነብስኻ ከኣ ከተዳሉን ኣሎካ ወይ ይግባእ። ብመሰረት እምነተ-ሃማኖት እምበሺ ንገሊኡስ ተበዲልካ ክንስኻ፡ ብዘየገድስ ኩሉ ትገድፎ።

ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ንዝበደልክኹም እቕረ በሉለይ፡ ኣነ ከኣ ኩሉ ሓዲገ ነዛ ተሪፋትኒ ዘላ ዕድመ ክዳሎ፡ ትብል። ኣዚኻ እንተደንጒኻ ኣቦይ ቐሺ ዝርዝር ነገርካ ንኽሰምዑ ነዊሕ ሰዓታት የድልዮም ይኸውን። ወይ መን እፈልጥ ከምዛኸመይ ንእግረ መድኻ ኣጓዲልካሉ ትነብር።

ኣብቲ ዝሓለፈ ማለት ኣብቲ እእምሮኻ 'ጸቢብ' ዝነበረሉ ግዜ፡ ንስኻ በዲልካ ክንስኻ፡ ንእስነት ዕዳ ስለ ስለዝኾነ፡ ወይ ከምቲ ዝብልዎ፡ ኩሉ ጌጋ "ንኻልኦት" ተሰክሞምን ትጥቅዮምን። ሽዑ ንነገራት ኣመዛዚንካ ከይትግንዘቦም ዝድርኹ ብዙሓት ረቛሕታት ክነብሩ ግድን ነበረ። ከም ኣብነት ዕድመ፥ ንእስነት፥ ተሞክሮ፥

ጥበብ፡ ደረጃ ትምህርቲ፥ ጉድለት እኹል ንቕሓት ወይ ብስለት፥ ትዕድልቲ ተፈጥራዊ ልቦና፡ ብልሓት፥ ተፈጥረኣዊ ዝምባሌ ወይ ባህርያት፡ ጽዕነተ-ሓበሬታ (information overload እዮም ዝብልዎ እቶም "ሊቀሊቃውንቲ") ወዘተ።

ሽዑ በቲ ጽዕነተ-ሓበሬታ ልዕሊ ዓቕምኻ ተጸዒንካን ተጸቂጥካን ነበርካ። ነቲ ብንጹህካን ብንእሱካን ዝጸዓኑኻ ጽዕነት ብግቡእ ኣንቢብካ ክትርደኦን ክትፍትሾን፣ ብግቡእ ኣራግፍካ ወይ ተቐቢልካ ናብቲ ዝምልከቶ ከተመሓላልፎ፡ ክትጸውሮ ዓቕሚ/ ብቕዓት ይውሕደካ ይነብር። ወይ ይጎድለካ።

ካልእ ምርጫ ግን ኣይነበረካን። ኣቲ መዐቀኒ እንታይ ነይሩን መን ይዕቅኖን ብዘየገድስ በቲ ዘሎካን ዓቕምኻን ዝመስለካን ነቲ ጽዕነት ንእግረመንገድኻ ንምርጋፍን ከምዝኾነልካን ትቕጽል። ሂወት ብኸምኡ እያ ትምዕብልን ትቕጽልን።

ከቢዱካ ፈኹሱካ ኣብ ህዝብን ምስ ህዝብን 'ምእንቲ ህዝብን' ስለትብሎን ሰልዝገበርካዮን፡ ብእምነትካ ፍልጠትካን ንእኡ ዝጸረ ጉልበትካን ስለዘወፈኻን ውዕል ዘይብሉ ውሕስነት ተጸቢኻ። ንስኻ ትደልዮን ዝሓለፍካዮን ብዘየ'ገድስ፡ እቶም ድሕሬኻ ዝመጹን ዝበቆሉን ኣሰርካ ክፍትሹን ከስተባህልሉ ግድንን ባህርያውን ከምዝነብር ስለዝዘንጋዕካ፡ ሎሚ ኣይትተንክፉኒ ክትብልን ጸላዕላዕ ክብለካ ግደን እዩ።

እቲ ዘገርም ግን ንሳቶም'ውን ኣብ ክንዲ ነቲ ኩነታትካ ዝግንዘቡ፡ ዝሓለፍካዮም ብድሆታትን፡ ሕጽረታትን ኣሰራትካን ብግቡእን ከምግቡእን ዝፍትሹን ዝመምዩን፡ ውዕለትካን ስራሕካን ኣሰራቱ ንኽድምስሱ ቀጥዓኢ ዘይብሉ ዘለፋ የሰክሙኻ።

ገሊእቶምሲ ፈፍርዩ ጌጋታትካ እናጉልሑን፡ ቃላት እናመረጹን ቅልጥ የብሉኻ። እንተጥዒምዎም'ውን ብዘይንሕስያ ጉንዲእዝንኻ ይጭልግሙኻ። ዓሰቢ ውዕለት ድኻምካ፡ ኣብ ክንዲ  ምስጋናን የቀንየልናን፡ ኣብ ክንዲ ናእዳን ኣገናዕን ምቅላልንን ምቁንጻብን የዝንቡልካ። ግቡእን ውርጹጽ ነቐፌታን ገዲፎም ውርደትን መከራን ሕስረትን ጸለመን የዝንቡልካ። ሽዑ ይድንጽወካ! ለካ ሰብ ትብል።

ኩሉ በብረብሕኡን ንረብሕኡን ከምዝቐጻጸ ክትግንዘብ ትጅምር። ጉርሒ ትመሃር፡ ንጽህናን ግርህናን ንኽፍኣት ቦታ ይገድፋሎም። እቲ ዝቕጽል እቲ ዝተመነኻዮን ዝበሃግካዮን ዘይኮነስ ብኣንጻሩ፡ እቲ ዝኾንካዮን ዘለኻዮን እዩ። ብዓልኻ'ንዶ ንዘለኻዮ ኩነት ህልውና ኣዕንትኻ ሰም ኣብልካ ፈትሾ።

## <u>ጥልመት</u>

ጠሊምኩምና ትብል ቃልዶ ተጠቒመ? ፋሕ ኣቢለያ! ምላቑዶ ንበላስ ዋላ ንፈትሻ? 25 ዓመት ዝተኾምሰዐት ቃል እንድያ ነገር ምኽፋትን ምጥቛስን'ዶ ትመስል። እሞ መን እፈልጥ እዞም ሊቀሊቃውንቲ'ዶ ገለ ይብሉ ይኾኑ?

ሕጂ ጥልመት እንታይ ምኹኑ ከኮማስዕ ግዜን ዓቕምን ወኒን የብለይን። የግዳስ ንስለሓቅን ፍትሕን ገለ ምባል መድለየ ክብል 25 ዓመት 'ከይተፈለጠና' ተጽንቂቑ። ስሚዐኩም። እቶም "ዘይሓሰብ ኣዱንገድ" ዝመተርኣሱ ፖለትካዊ ፍልስፍና ዝመምርሒኦም፡ ነጋዶ ፖለቲካ፡ ንስኻ ኣብ ምቹእ ቦታ ኮፍ ኢልካ ድኣ እንታይ ቀሪጹካ'ዶ ኢልኩም ሓቀይ። ከምኡ ይኹን። ዘይምኹላፍ'ዩ ኣመልኩም፡ ድሓን ዘይ ግዜ ክዓርቀና'ዩ።  ዕድመ ህግደፍ ነዊሕኩም ከተማርሩ ዝጸናሕኩም፡ ትጽቢትኩም ገና ን25 ዓመታት ከምዝተናወሐ እኳ ድሮ ረሲዕክምዎስ ንኣይ ከይጀመርኩ ክትጻርፉኒን ክትራገሙን ጀሚርኩም።

ዝገርም ግን ሰባት ርብዒ እቲ ዝመቀረ ሽዊት ዕድሚኦም ኣብ ህሮሩማን ጎቦታትን ኣጻድፍ ሳሕል ክሕልፍዎ ነዊሕኩም ከነብርየኩም ዝሓተተ ኣይሰማዕኩን። መብረስ ይትረፍ በዛ ነኳል ከይሰልኩኹም ክንዓጽወልኩም ዝበለ'ውን ዝነበረ ዘሎ ኣይመስለንን። ሻዓብያ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝበልክዎ እግሪን

ዓንቋን ለቂማ እያ፡ ኣቲ ሕጂ ተጠሊምናሉ ትብልዎ ዘለኹም ሒዛትልኩም ኣትያ። (ዓንቑ ዓይነት ገረብ እዩ። ኣዝዩ ፈኩስ ስለዝኾነ እየ ተጠቂመሉ)

ሽው፡ ድሕሪ ውተሃደራዊ ዓወት፡ እቶም ኣለው ዝበሃሉ ኣርካናት ዓለም ክዛወሩ ጌሩ! ገሊእቶም ዕርፍትን ጉንያን ሓለፋን ይብልዎን ይሓምዩን። እቶም ናይ ኩሉ ሓሳብን እተሓሳባን መንግድ'ዩ፡ ረብሓ ክህልዎ ኣለዎ ዝብሉ ፍላስፋታትን ሊቀሊቃውንቲ'ውን ውዕለትን ካሕሳን ናይቲ ምግዳሎም'ዩ ክብሉና ይኾኑ።

እቲ ብገርሁን ምናልባሽ'ውን ከይተዳለውን ኣብ ጎል ዝኣተወ 'ምስኪናይ' ክቡር ኣቶ ዘመደ'ኳ ብሰንኮም ኣብ ዓይኒ ብዙሓት ወዲቁ ኢዩ። ኣነ'ኳ ሽውሽው ኣቤት ዓይኒ ሓሳዳት ይኽመሃልካ ኢለ ከምቲ ማሪታዊ እምነትና ዘፍቕዶ ቱፍቱፍ ኢለሉን ኣንስልሲለሉን እየ። ተፈሊጥዎ'ዶኾን ይኸውን?

እቶም ከምዚ ከማይ "ኣተሓሳስባ" ንግድን ረብሓን ምኂኑ ዘይንግንዘብ ባሃማትን መሳርሒ ዲክታተራትን ከኣ፡ በቲ ሓደ ግልባጡ ምስንርእዮ ናብ ምዕብልና ዓለም ኣቃሊዓቶም ክንብል ንኽእል ኢና። ማለትሲ እዞም ካብ ኩሉ ዓለም ተነጺሎም ንዓመታታ ኣብ ኳሕ-ትኹሻሕ ዝነበሩ ናብ ዕርፍቲ ምስዳድ ድርብ ዕላማ እዩ። በቲ ሓደ ክሕደሱ፡ በቲ ካልእ ድማ ዓለም በጺሓቶ ዝነበረት ደረጃ ክዕዘቡ'ሞ ቅዱስ ቅንኢ ክሓድሮም ሓሲቦም ይኾኑ። እቲ ንዓመታት ከርተት ዝበሉላ ሃገር ንኽትህነጽ ንሳቶምውን መሪሕ ቦታ ሒዞም ግደኦም ክጻወቱ ንምድላዎም ክነብር ይኽእል እዩ። ሰባት ስለዝኾናን ናጻ ናይ ምሕሳብን ናጻ ሕርያ ንምድጋፍን ስለዘሎና፡ ዘዝመስለናን ክኾነልና ከምንደልዮን ዝመስል ስናርዮ (ዝተጠናነገ ግምታት) ክንገብር ጸኒሕና ኢና። ገና ክንቅጽል ኢና ንመስል። እዚ ሓደ ካብቲ ቅንኢን ህልኽን ዘንቀለ'ውን እዩ፡ ዝብሉኳ ይነብሩን፡ ይህልዉን እዮም።

ንሱ ጥራይ መኣስ ኣኺሉ። ንሳቶም ኩሎምን ካልኦትን ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ወጺኦም ትምህርቶም ዛዚሞም ወሲኮም ሰልጢኖምን። እኳድኣ ምሁራት ካብ ደገ ከነምጽኣ ከይበሉ፡ ሓደሓደ ኣገደስቲን ማሕንቆታት ዝኾነ ገዲፍካ፡ ኩሉ ጽፍሕታት ትካላት ምምሕዳራትን መንግስታዊ ስልጣናትን ንኣኣቶም ተዋህቡን ተሓዚኡን። እቲ ውጽኢት ግን ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉን ሕልሚ'ቶም ክገሹ ዝገበሩን ኣይነበረን። እኳድኣ ብኣንጻሩ ኢዩ። እቲ ሃገረ-ሃገር ዝዘርዎ ከምቲ ዝተሓለነ ዘይኮነስ፡ ኣብ ክንዲ ቅዱስ ቅንኢ ንሓበራዊ ረብሓ፡ ውልቃዊ ቅንኢ ነ'ቋራጭኣዊ ውልቃዊ ረብሓ ከውዕልዎ ዝመረጹስ ብዙሓት ኢዮም።

ስለዚ መን እዩ ተጠሊሙ? እቶም ኣብ ፈቀዶ ባራት ክሓምዩን ዝጸንሑሲ መን'ዩ ጠሊሙ? ንመንከ ጠሊሙ? ዝብል ሕቶ ከነቅርብ ክፍቅዱልናን ክምልሱልናን ክንጽበ 25 ዓመታት ተጸንቂቑን መበል 26 ዓመት ረጊጽናን። ብጀካ ሕሜት ሓንቲ ዓይኖም ኣጨምቲሎም ክሕንሕኑን፡ ኣጽቂጦም ትም። ፍትሒ ምድላይ ግደፍ ብጎደሎ ብምሉእ'ኳ ኣይተኻእለን። ሕጂውን መንዳኣ'ዩ ተጠሊሙ፧ እቲ ከም በጊዒ ተኾቢኩቡ ዝተወሰደን፡ ገና ናበይ ገጹ ከምዝእንፍት ከይተፈልጠን ዝተዋረደን ዝሓፈረን ዝተዘለፈን፧ መልሱ ኣብ ጁባኦም እዩ ዘሎ። ክብልዎን ክምልሱልናን ግን ኣይንግድዶምን እና።

ነዚታት ክትንትኑን ክፍትጉን ዕድሜኦም ኣይፈቀደሎምን እዩ። ንሕናውን ለዋህዩ ልብና'ሞ ሓዲግናሎም ኢና። ስለዝኾነስ ብዘይ'ካቶም "ኣተሓሳስባ ገንዘብ ስለዘይወለድሎም" "ዓሕ" ክብሉ ዝሓረሩ፡ ዓው ኢልናን ኣብ ቅርዓት፡ ዓለም እናተዓዘበና፡ "ንሕና ንሱ - ንሱ ንሕና'ኳ" ንብል ኣሎና። እቶም ዝጸንሐ ደርቢ "መስፍናዊን፡ ብርጅዋዊን" ኢሎም፡ ደርቍሶም ብገርህና ናታቶም ደርቢ 'ዝሰርሑ'፡ ካደረታት ከኣ ንነብሶም ናብ ፍላስፋታትን ሊቀሊቃውንቲ ኣማዕቢሎም። ሎሚ ነቲ ካብ ማዕዶ ዝሓለምዎን ዝሰኣልዎን ኣተሓሳበኦም ዝሰበረሎም ክራገሙን ጸፍ ክብሉን ይውዕሉ ኣለው። እናሓንሳብ ኣብ ዓዲ ሃሎ ሚነዋለ ኮይኑ ይብልዎ ቅይር ኣብሎም ኣብ ገርገራ ገፋፍ ዓሳን ጓሳን ኮይኑ ይብሉ። ኣብክንዲ ሃገራዊን ሓበራዊ ረብሓ ዝኹስኩስ ኣተሓሳስባ ኣረኣእያን፡ ንመዓልቲ ዘገልግል ሓሶትን ፕሮፖጋንዳታትን ክሸጡ ይውዕሉ

ኣለው። ውጽኢቱን መኸሰቡን ስም ሃገርን ክብሪታት ህዝብን ምድዋንን መንእሰያት ምድንጋር ኮይኑ ተሪፉ። ንመሳለጢን ዋጋ ዓሰቦምን ጸልማት ጸልማት ካብ መሳኹቲ ባንክ ዝስሕብዎ ናይ ግላዊ ውህሉል ገንዘብውን ይምጠወሎም ይኸውን እዩ። ግምት ጥራይ ዘይኮነስ ሳንዓ ፎርም ዕላምኡ እንታይ ድዩ ነይሩ፧

**<u>ሕጅስ ይኣኽለካ ኣዕርፍ እምበር፥ ሓልዮት ብዝመስል ዕልዋ?</u>**

"ሓመድ ኢኻዋ ናብ ሓመድ ክትምለስ ኢኻ"። ነዚኣ ዘይፈልጥ ዝህልወና ዘሎ ኣይመስለንን። እናሓንሳብ ቀሊል ጥቅሲ ዋይ ምስላ ምጥቃስ ናይ ተልመዴን ክመስል ይኽእል እዩ። ማልትሲ ተደጋጋሚ ምስዝኸውንን ኩሉ ስለዝፈልጦ ነቲ ብሃሊኡ የፍኩሶ እዩ፡ ክብሉ ሰሚዐ ኣለኹ። ዝበለየን ዝተመንወን ምስዝኾውን ከኣ ማይ ዘይጥዓመ ተሎካ እንዶ'ግዳ ሃሰስ በል ይብሉ፡ እቶም ተዛረብቲ። ማይ ዘይጥዓመ ብቀሊል ዝርከብ ኣይኮነን። ወይ ብኣምላኽ ዝተሓረኻ ኣብ ኣኽሱም ዝተቀባእካ ንጉሰ-ነግስቲ ኣጋኣዝያን ክትከውን ኣሎካ። ወይ ከኣ ኣብ ብርቲሽ ላይብረሪ መተርኣስ ትጎዝጉዝካ ትውዕል ሊቀሊቃውንቲ ክትከውን ኣሎካ። በዚ ኮነ በቲ ኩሉ ምድጋም እዩ። የግዳስ እቲ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ዘስመዐ ብዙሕ ሸመትን ክብርን ኣለዎ።

ሓደ ሰብ ጥቅሲ ክጠቅስ ከሎ ዝተፈላለየ ዕላማታት ኣለዎ። እቶም ፍላስፋታት ብዙሕ ኣንቢብና ኢና ስለዚ ንብለኩም ከምዘለዎ ወሓጥዎ፡ ብሕም ትብሉ ድማ ኣብኣ ትረኽብዋ ዝዓይነቱ ኢዩ። ብኡ ኣቢሎም ከኣ ፈሊጣውያን ተሰምዮም ነ'ንበብቶም ኣብ ቊጽጽር ይእትውዎም። ሓንቲ ወይ ክልተ ጥቅሲ ኣብ መጀመርታ ናይ ኣርእስቲ ፈይ እናበሉ ድሮ ከይጀመርካ ገዚኦሙኻን ኣንበርክኾሙኻን ክንሶም፡ ሓቂ ከተምስል ፈርደጉዶግ ትብል። ገሊኣቶም ድማ በቲ ጥቅሲ ኣቢሎም ነቲ ዝጽሕፍዎ ክሕግዝ ዝኽእል ሓደ ጥርኑፍ ሓሳብ ብቁሩብ ሓረጋት ቃላት መልእኽቲ ከተሕልፍ ይሕግዘካ።

እዚ ንጎኒ ገዲፍና፡ ነዚ ንሕጂ ዘድልየና'ሞ ንውሰድ። መሲልካ እንታይ ኣምጻኻ? እቲ ኩሉ ዝካኣሎ ኣባ ጆጎ ነዛ ዓለም ብጥበብን ተጥንቂቑን ሓሲቡን ሰሪሕዋ ክኸውን ኣለዎ። ነዛ ጽብቕቲ ገይሩ ዝፈጠረልና ግን እቲ "ስሉዕ ሸውሃት ሰብ ኩሉ ንዓይ ጥራይ" ስለዝብል፡ መታን ከይተሰተባህለሉ ሳላ ብልሑ፡ ብልሑ ንኽፍእት ስለዘውዓሎን፡ እቶም ዝበዛሕና ተዓሸውቲ እቶም ዝወሓዱ ኣታለልትን ኣዐሸውትን ኮይኖም። ሞት መቕጻዓቲ ንደቂ ኣዳም ብስንኪ ጌጋ ኣዳምን እታ ከይትጽምዎ ዝተመጠወትሉ ሄዋንን ተመንን እዩ ይብሉና። ዋጋ ጌጋኦም ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበን ዝወረደን መቕጻዓቲ ይብሉና። ሕራይ እስከ ሰብሲ ጌጋ ፈጺሙን ተረጊሙን፡ እቶም ካልኦት እንስሳታትን ፍጡራትን ከድኣ እንታይ ኣቢሶም? እቶም ኣግራብከ እንታይ ኣቢሶም፧ ክኣርጉን ክምንቆሱን ክብንቖሩን ንርእዮም። ቀደም ዳርዊንን ኣቅሸሽትን ዝረብረብሉ ጌረ'ዶ ኣሰልክየኩም።

ኮሊለ ኮሊል ሓንቲ ዳርጋ 16 ዓመት ዝግበረት ዕላል ኢየ ከምጽእ ደልየ። ካድረታት ከልዕል እንከለኹ ስለምንታይ ኢኻ ክንዲዚ ትጸልኦም ክትብሉኒ ግድን እዩ። ከነጽረልኩም ሻሓጣያንን ስባኽያንን ተበለጽትን ስለዝኾኑ፡ እምበር ዋላ ዘራኻብ የብልናን። ስለዚ ርክብና ምስ ፖለቲካ ኢዩ። ኣብዚ ዝጥቀስክዎ ዓመታት ነቲ ኩነታት ሃገርና ክሕቆን እንከሎ ንረብሐኦም ጽዕዩ ዝመሰሎም ዓበይቲ ካደራታት-ነበር ነይሮም እዮም።

እቲ "ዲክታተራዊ መንግስቲ" ዘይኮነ ሻዓብያ ምስ ኩሉ ትካላቱ ካብ ስሩ ተማሕዩ ክድርበን ክድበን ኣለዎ ክብሉ ክትንትኑ ስሚዐስ። በዚ ዝባነይ ቀዝሕ ክወረኒ ኣጸቢቁ እዝከረኒ። ሎሚውን ክዝክሮ እንከለኹ ልክዕ ሸዑ ኮይኑ'ዩ ስለዝስመዓኒ እንታይ ምኹኑ ዘይፈልጦ ቀዚሒ እዩ ዝሰመዓኒ። ሓደ ደጋፊን ተደናጋጽን መንግስቲ ከመይ ኣቢልኩም ደፊርኩም ከምዚ ትብሉ ሓተቶም። እታ ሃገርከ ንመን ኣሕሊፍኩም ክትህብዋ፧ ክብሎም ኣጸቢቑ ይዝከረኒ። ዋላ እቲ ከም ሓዊ ሃልሃል ዝብል ዝነበረ ርሱን ክትዓን

ዋጭዋጭታን ገና ካብ ኣእምሮይ ኣይህስስን። ክንዲዚ ዝኣክል ፍልጥትን ተሞክሮን ሒዞምሲ ስለምንታይ ነዞም መንእስያት ተታልልዎም ክብሎም ኣጸቢቑ ይዝከረኒ። ጸላኢና እመሖ እንታ'ዩ ክመሖ ኣለዎ ኢልካኸ፧ ሓደ በሉለይ።

ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ኣብዛሓኦም ካድረታት ነበር ዝእከብሉ ቤት ሻሂ ከነዕልል ከድናሞ ይብል ሓደ ዓርክና'ዩ፡ እቲ ዕላል ኣመንጊና ስላም ተቢሂልና ተሓወስናዮም። ህዱእ ዕላል ዘሪግናሎም እቲ ክዛረብ ዝጸንሐ ኩነትት ከጽንዕ፡ ናብቶም ካልኦት ብዓይኑ ኮሎሎም እሞ ኣነ ብዘይተገንዘብክዎ ናይ ቀጽል ድሓን'ዩ ምልክት ግዲ ህበሞ ነቲ "ሕካያ" ዕልል ቀጸሎ። ንሱ ይብል ድሕሪ ረፈርንዶምሲ ንኢሳያስ እሞ ሕጂስ ኣዕርፍ እምበር ኢለሞ። መን ኢዩ ኢልዎ ገና ኣይነጸረን። ንሱ ግንጭር ኢሉ ሰውራ እኮ ገና ኣይተወድኤን መሊስሎም። ኦ! እዚ ሰብኣይሲ ገና ምስ ሓይሉ እዩ ዘሎ ኢልና ትም ኢልና ብማለት ዕላሉ ዘዘመ። እቲ ክትዕ ናብ ፈገጽገጽ ዝብል ጓህሪ'ዩ ተቀይሩ። ኩላ ዘዝመስላን ተትዝክሮን ትፈልጦን ተመኩሮን ተንቲና። በቲ ናይ ዓርከይ ኣዘራርባ ሽዑ ፍልጠት ምስ ፍልጠት ዝተጋጨዋሉን ዝረራጸማሉን ግዜ'ዩ ነይሩ።

እቲ ትንተና ናብቶም ፍላስፋታት ክንገድፎ። እንተኾነ ነቲ ዓርከይ ንስኻ እንታይ ድኣ በልካ ሓተትናዮ። ኣነን እቲ ካልኣየይን ድኣ ካ ፈለማኡ ተናዒቕና እንዲና። ሓደ ክልተ ብመልክዕ ሕቶ ግን ደርብየሎም። ንሳተን'ውን ዳርጋ ኣብ ክልተን ስለስተን ጊሚዐንኦም። እታ ንሱ ዝበላ እታ ኣቀድም ኣቢለ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዋ ቃሉ ኢያ። ንሱ ብሓቂ ንስኻትኩምሲ ዓበይቲ ካድረታት ነይርኩም፧ ቀዳመይቲ መእተዊት ዘረብኡ ነበረት'ሞ። ሽዑ ቁሩብ ሓውሲ ጭርቃን ገይሮም ዘለፍዎ። ኣመል ሻዓብያ'ዩ ስለዝሓሰቡ ግን ኣይተቀየምዎን። ኣስዒቡ ግን ኣብክንዲ ብርእይቶ ብሕቶ ዝመስል ከዋጥሮም ጀመረ።

ሕራይ ኢሉ እንተዝወርድስ እንታይ ኢዮም ክገብሩ ሓሲቦም ነይሮም፧ መን'ዩ ክትከኦ ሓሲብኩም፧ ምርጫ ክገብሩ፡ ወይስ ሓደሰብ ወይ ሰባት ክመዙ ወይ ክመርጹ፡ ንሱ ብጉባኤ ተመሪጹስ ይኣኽለካ ኢልካ ከተውርዶ ይከኣል ድዩ፧ እብቲ ግዜ ቃልሲ ዓዲ እትው ምስበልና ብዘይኣገባብ ስልጣንና ከነውርድ ዝብል ውዕልን ስምምዕን ነይሩ'ዶ፧ እቲ ክትዕን ሕቶን ስልዝሰፍሐ ካብቲ ክጅምሩ ከለዉ ሽዑ ቁሩብ ርግእ ኢሎምን ብብስለትን ክመዝኑን ክትንትኑን ጀሚሮም።

እቲ ተራኺ  ቅድሚ ናጽነት ብማዕዶ ክሓልፍ እንከሎ "ሻዓብያ ሻዓብያ" ዝሽትት ዝነበረ፡ ሽዑ ተቀይሩስ ነቶም ቁሩብ ናይ ምቅያር ኣንፈት ዘርኣዩ እኳ ዳርጋ ክዝልፎም ተገዲዱ ኢዩ። እቲ ሕማምና፡ ሕማም ስልጣን ምዃኑን ምንባሩን እኳ ካብዛ ዝነገረካና ተገንዚበ በለ ሓደ ካብእቶም እሞ፡ እቲ ካድር ቀጺሉ እትው ኢልኩም ይኹን ድሕሪኡ ነቲ ገና መንእሰይን ዓወት ዓቲሩ ዝኣተወን ስልጣን ኣረክብ ምባል ፈተነ ዝሑል ዕልዋ ኣብ ወሻጠ ኮይንኩም ፈቲንኩም ምበልኩ ደምዲሙ። ክልተ በሉለይ።

እሞ ኣብ ድሮ ረፈረንዱምን ጽባሕ ረፈረንዱምን ብቃልዕ ዝተፈጸሙ ክስተት ሓርጎጽጎጽ፡ መጀመርታ ዝመስሎም ደቂስኩም ኣለኹም። ንሱ መቀጸልታ ነቲ ብሓልዮት ዝመስል ዝተፈተነ'ሞ ዘይሰመረሎም ጎራሕን ናይ ጎረሓትን ፈተነ ኢዩ።

ኣብ እዋን ናጽነት፡ 1993፡ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ክቡር ፕረሲደንቲ ወዲ 45 ዓመት ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ኣስተውዕሉ ኣብቲ ግዜ ግደፍዶ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብቲ ማዮም ዝስተዩ ጥራይ ዝምረጸሉ ዝነበረ ሃገራት እኳ ስልጣን ናብ ማእከለይ ዕድመ ዘለዎም  ከሰጋግሩ ጀሚሮም ነበሩ። ካልኦት ናብከምኡ ኣብዝሰጋገርሉ ኣብ ዝነበረዎ እዋን፡ ጽባሕ ወተሃደራዊ ዓወት ምዃኑ እዩ፡ ሕጂስ ኣዕርፍ እምበር ምባልሲ ምስ ምንታይ ይቑጸር?

* ሃገር ቦቶ ኣብዝነበረትሉስ - መስርሕ ሰውራ ተወዲኡ'ዶ ነይሩ እዩ

* እቶም ከዐርፍ ዝደለይዎ፡ እንታይ ተወዲኡ እንታይ ተጀሚሩ ድኣ'ዮም ከምኡ ዝሓተቱ

* ንመን ከረክቦ ይጽበዩ ነይሮም? ናብ ካልኦት መጋድልቱ እንተይሎም እቲ ዕደመ ዳርጋ ዝተመጣጠነን ጥቃጥቃን ጊሊኣቶም ከኣ ካብኡ ዝዓብዩን

* ከምኡ እንተኾይኑ ብሓንሳብ ወፊሮም ብሓንሳብ ተመሊሶምሲ መን'ዩ ገና ምስሓይሉን ዘይደኸመን ዝነበረ።

* ስለምንታይ ኢዩ ንኢሳያስ ጥራይ ዕርፍቲን ርፍትያን ተኣዚዝሉ፡ ካልኦት ክዕርፉ ዝተመኽሩኽ ነይሮም'ዶ ይነብሩ፧

* ናብ ሓደስቲን መንእሰይ ወለዶን እንተሓሲቦም፡ እቶም ትሕቲ 45 ዓመት ዝነበሩስ ሃገር ከምርሕ ዘኽእል እኹልን ብሱልን ተመኩሮ ነይርዎምዶ

* ነቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ ግደፈሎም ማለትዶ ይነብር? ምናልባሽ። ሓሲቦም ይነብሩ። ንሳቶም ኣብ ሰላም ዝነበሩ፡ ዕሩፋትን ቀለም-ጸገብን'ዶ ማለቶም ይነብሩ።

ሓልዮት'ዶ ይኽውን? ኣይመስለንን። ምስ ክፍእት? ብርግጽ! ምኽንያቱ እቶም ከምዚ ዓይነት ጎራሕ መርገጽ ሒዞም ዝኣተዉ እቲ ዝሓሰብዎ ምስዘይሰመረሎም ካልኣ ኣማራጺታት ከንቅሉን ታሕቲታሕቲ እሾኻት ክዘርኡን ገመድ ክፍኣት ከጸውዱ ግዜ ኣየጥፍኡን። "ጽሓይና መሊኣ በሪቃ" ሓሲብና እናተማሳገናስ፡ ንሳቶም በዘይሕጊ ክጸልምቱና ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ጀሚሮም። ደቂ 'ገርሂ ልባ' ክኣ ብዓወት ሰኺራ ነቲ ባህራያዊ ስኽራን ታሕጓስን መስተ ወሲኻ ገና ትስዕስዕ ነይራ። ንሳቶም ግን ጓኖት ወሲኾም እታ ጽሓይ ምሉእ ዕደት ከይፈጸመት ክኾልፉዋ ተመሳጢሮም ተጓዪዮምን። ኣድሚዮሞን ኣቍሲሎሞን። እንተኾነ ኣይሰለጦምን። እንሆ'ኳ መበል 26 ዓመት ሒዝና። ስለዚ ቁሩብ ሕቶ'ዶ ፈይ ከብል፡-

1. ጥልመት እንታይ ማለት ኢዩ?

2. እቲ ጥልመት መን ጀመሮ ፧ መኣስከ ነበረ

3. እቶም ንፕ. ኢሳያስ/ህግደፍ ጥሊሙና ዝብሉ፡ እንታይ ኢዩ ጠሊምዎም

4. ጥልመት ብሓፈሻዊ ንህዝቢ ንዝተገብረ መብጽዓ እንተኾይኑ መን እዩ መጀመርያ ምብጽዕኡ ዝሰበረ።

5. ተጋደልቲ ኣስመራ ክእትው ከለው ንብረት ወድብ ፋሕፋሕ ዘበሉስ ጥልመትዶ ኣይምተባህለን። እግሪ ዘተከለን ዋሕስ ዓወትን ዝነበረ ትካላት ዝሕዚሕኩምዎ ንኣስመራ ክትጓየዩሲ፡ ናፍቆት ስድራዶ ንበሎስ ቅድድም ናብ ካልእ?

6. ካብዝነበርክምዎ ኣይነውሓኩምን ብዘይደሞዝ ጽንሑ ምስተባህለ ናብ ምጥሓስ ሕጊን ሓይልን ዘምረሐኽ መራሕቲ ዋላ ተራ? ምጥልላምዶ ምትእርራም? እሞከኣ ኣብ ቅድሚ ኣጋይሽን ውሕስነት ናጽነት ገና ከይተረጋገጸን።

7. ሓደ ሰራዊት ሓርነት ወይ ቀይሕ ሰራዊት ዝብልን ዝንየትን፡ እቲ ዝተቃለሰሉ ዕላማ ገና ከይተዛዘመን ናብ ሕጊ ቀሪቡን ዓለም ንውጽኢቱ እናማዕደወትን፡ ኣብ መስርሕ እንከሎን ሸብሮ/?ዕልዋ? ምግባርን ምፍታንንከ ምስምንታይ ንቕጸሮ? ጥሜት? ድኽነት? ስእነት ስራሕ? ዕርቃን? ደሞዝ? ስእነት ገዛ/ቤት? ወይስ ዘይፈለጥናዮን ዘይተጋህደን ነይሩ እዩ?

8. ንመራሒ ከቲርካ ወይ ጀሆ ሒዝካ ሓንቲኣ ኣፍልጠና ምባልከ ምስ ዲሞክራሲ ዲዩ ክቑጸር ወይስ ምስ

ሕንፍሽፍሽ ምፍጣርን ወተሃደራዊ ድስፕሊን ምጥሓስን?

9. ዋላ ሰራዊት ሓርነት ይኹኑ እምበር ከምኡ ዝኣመሰለ ጥሕሰት ሕጊ ኣጉዲሎምሲ፡ ሓቃቶም እዮም ከፊእዎምን ሓሲምዎምን ኢዩ ኢልካ ክግደፉ'ዶ ተጸብዮም ይነብሩስ ወይ ዝመጸይምጻእ ዝወረደ ይውረድ ዝዓይነቱ ተግባር እዩ ምበልኩም? ነቀፌታ'ከ ታንክታት ኣምሪሕካን ብረት እናወጣውጥካን መራሕቲ ብኳሌታእም እንዳሰሓብካንድዩ ዝፍጸም መንዩ ከምኡ ምሂርኩም። እቶም ካድረታት እንታይ ነበረ ተረኦም

10. እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ሕጊ ድሕሪ ዓወት ክልሕልሕን ቃሕ ክምዝበለካ ታንክታት ኣምሪሕካ፡ ከም ተመሃሮ ካልእይ ደረጃ ኣብ ከተማታት ክትዕንድር ይካእልዩ ዝበለኩምሲ መን ይብልዎ?

11. ባዕልና ዘምጸናያ ሃገር ወይ ዓወት፡ ከምድላይና ክንገብራ ኢና፡ ባህ ዘየብል እንተሪኢናን፡ ንሕና እንተዘይተሓጉስናን፡ ዝመረጽናዮን ብመንገድናን ስጉምቲ ክንወስድ ንኽእል ኢና ወይ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል ውዕል ነይርኩም ድዩ?

12. ጥዒምኩም ነይሩ ኣይበልኩን ግን ክልተ ዓመት ብተዛማዲ ሰላም ኮይኑ ዳርጋ መብዛሕትኹም ክዳንኩምን ሳእንኹምን ኣውጽእኩም ትድቅሱ ነይርኩም። እቲ ዓወት ብኽልተ ዓመት ደንጕዩ እንተዝነብርከ? እቲ ሕድሪ ኣሎና ትብልዎን ትንየትሉን፡ ኣብቲ መንገዲ ዝተረፉ እቲ ንስኻትኩም ዝረኣኽምዎ እኳ ዘይረኣዩ። እቶም ኣፍደገ ኣስመራ ሃረር እናበሉ ዝወደቑኸ? እቶም ኣብ ኣስመራ ምስ ኣተዉ ኣብ ኣንጎሎ ገዘኦም ወይ ኣብ ድርኩኹቲ ካንሸለኦም ኣዴታቶም ከይረእዩ ዝተሰመሙኸ? ሎሚ ሚኪኤል ታሕሳስ'ዩ፥ ንዝኽሩ ኣብዚ ደው ኣቢለ ኣለኹ። መበገሲ እምበር ልዕሊ 1000 ሕቶታት መልዓልካ። ወስኽሉ ደቀሺ!

<u>**"ኣተሓሳስባ ንግድ'ዩ"**</u>

ንጠቕሚ ካልኦትዶ ንጠቕሚ ገዛእርእስኻ? እቶም ሕጂ ኣተሓሳስባ ንግዲ ምኹኑ ክምህሩና ዝፈላሰፉን፡ እቲ ኣተሓሳስባ ናይ መን ዝብሉን ንጠቅሚ ሓፋሽ ወይ ህዝቢ ክኽውን ከምዝጣበቑ ዘምስሉን ነቲ ትንታኔ ከም ጸብሒ ዱባ ግዒቶም፡ ማሃነኑ ኣጥፊኦምሉን። ናታቶም ኣተሓሳስባ እምበር ናይ ካልኦት ኩሉ ግጉይ ኢሎም ዝነቕሉን ዝሰበኩን፡ ነቲ ግጉይ ኣተሓሳስባ ንኽቀብሩ ዋጋ ብደም ዘኽፈሉን ምንባሮም'ውን ረሲዖሞስ ከም ቃሕ ዝበሎም ክህውትቱ ጸኒሖም ኢዮም። ሓደ መዓልቲ ዘንግና ተኺልና ክንምጉቶም ግድን ኢዩ። ኩሉ ህድእ ኢልና ከነርክበሉ ኢና።

ኣብ ዘለናዮ ዓለም ሰባት ናይ ስራሕ ምክፍፋል ክገብሩ ነበሮም። ቀጺሎም ሓረስቶት ዝተባህሉ ተቀልቀሉ። ቀስ ኢሎም'ውን ናብ ካልእ ዝማዕበለ ተሰጋገሩ፡ ይነግሩና። ፍልጠት ዝብሃል ኣማዕበሉ ድማ ይብሉና። እቲ ፍልጠት ኣብ ወሱን ቦታ ብውሱናት ሰባት ከም ዚሕዛእ ገበርዎ። ህንጻ ሰሪሖም ቤትትምህርቲ ሰመይዎ። መማህራን ቆጸርሉ። እቲ ትምህርቲ ብቐሊሉ ከምዘይርከብ ገበርዎ።

ወሃብን ከላእን፡ መማዩን ፈራድን ሰርዕሉ። እቶም ዓቕሚ ዘለዎምን ዘይብሎምን መመይዎም። ኣብ ዓድና እቶም ዓቕሚ ዝጎደሎም " ጭራ ዘይብሉ ኣድጊ" ይብሃሉ ነበሩ። ኣብ ክንዲ ፍልጠት ውርደት፡ ጸርፊ ትመሃረሉ ቤትምህርቲ ነበረ። ኣጋኒነያዶ። እቲ ግዜ እዩ፡ ኣነ ኣይኮንኩን። ብዝኾነ መኤረሚት ንማለት ኢየ ኣልዒለያ።

እቲ ቤትምህርቲ እንደጋና ደረጃታት ሰርዕሉ። ደቆም ምስቶም ደቂ 'ሓመድ-ሓፋሽ' ክመሃሩ ነውሪ ኮነ። ግላዊ ቤትምህርቲ ሰመይዎ። ገሊኣቱስ ሓዳሪ ቤትትምህርቲ ኮነ። ብዓቕሚ ዘይኮነስ ብገንዘብን ወለዶን ዝልካዕ ገበርዎ። ዓቅሚ ድማ ብእምላኽ ዝወሃብ ናይቶም ሰብ ጸጋን "ዕድለኛታ ኮይኖም ዝተወልዱን"

ይብልዎ። እቶም ሃብታማት ኣምላኽ ዝሓረዮም ኩሉ ጽቡቕ ዝዓደሎም ነበሩን ገና ኣለዉን።

እቶም ድኻታትን ዓቅሚ ዝጎደሎም ዘይተዓደሉን ብዕጨኦም ዝተረትዑን ነበሩ። ስለዝኾነ ኮይኑ ድማ ድሕሪት ዝሰርዑን። እቲ ክነብሩ ሃለኽለኽ ዝብልዎ፡ ማዕረ ዕድል ዘጉድልን ዝሕርምን ምንባሩ ሽፉን እዩ። ዕድመ፡ ርሕቀትን ዋሕዲ ኣብያተ ትምህርትታት፡ ቖልዓ ኣብ ክንዲ ናብ ቤት ትምህርቲ ማል ሃብታማት ክትጉሲ ክትዕሰብ ዘገድድ፡ በተኽ ዘስሚ ድኽነትን ስእነትን ወዘተ ኣብ ግምት ኣይእቱን ነበረ። ነዚ ክትሓስብ እንተኽእልካ ድኣ "ኣተሓሳስባ" ቅኑዕ ኮይኑ ማዕረ ዕድል፡ ካብ ሓደ ሕንጻጽ ምብጋስን ምኾነን ፍትሒ ምነገሰን።

ከም ኣብነት ንምጥቃስን፡ ንምዝኽኻርን ነዛ ሕጂ ኣብ ዓመት "ብ11% ክሳብ 12% ትዓቢ ኣላ"፡ ጎብለ ኣፍሪቃ" ኮይና እናበለ ዝጅሃረላ ሃገሪ ወያነ/ ማለሊት ኢትዮጵያ፡ ኮለኔል መንግስቱ መራሒኣ እንከሎ "ትግራይ ብጀካ ሓንቲ ጥሓኒት መኪና እንታይ ኣለዋ" ክብል ተበዲዑ፡ ነበረ። ማዕረ ዕድል ዝተነፍጎ ህዝቢ ዳኣ'ሞ ግደፍ ንምዕብልና ንኸብዱውን ተምጽዊቱ ክንብር'ኮዩ ተፈሪዱ ዝነበረ። እቶም ሎሚ "ኣተሓሳስባ ገንዘብ'ዩ"፡ ናይ ህዝብን ፍትሓውን ክኸውን ዝስብኩ ሊቀሊቃውንቲ ሸዑ "ፈላጭቖራጭ" መንግስቱ ዝመርሓ ኢትዮጵያ ሶሻሊስቲ ኢያ፡ መንግስቱ ዚሊቀመንበሩ ደርጊ ድማ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኣይኮነን ኢሎም ክሰብኩን ጽሓይ ክትዓርቦምን ሕድ ኮይኑ። ሎሚ ድሕሪ 36 ዓመታት ንሳቶም ፍታሓውያንን ህዝባውያንን፡ መኮነንን፡ መኮነን ዝድግፎ ስነሓሳብን፡ መገልገሊ ዲክታተርን ጨቛኒ ህዝብን ዘይፍትሓውን ክብሉ ዘስደምም ኢዩ። ሕጂውን ግዜ፡ ግዜ ንኹሉዩ ዝዓራቅ። ጥራይ ንስተባህል ደቐሺ።

ናብቲ ዘንቀልናዮ ኣብነታዊ ሓሳብ እሞ ንመለስ። እቲ ጸጽብቑን ናይ መን ከይከውን ስጊእኩም - ናይ ሃብታማት እምበር። ካብኡ ዝፈረዩ ጸጽቡቕ ዘበለ ንኣኣቶም ከምዝኸውንን ከምዝሕዛእን ገበሩ። ብኣስማትን ማዓርጋትን ከፋፈልዎምን ኣጠመቕዎምን። ዶካትር፡ ፕሮፈሰራት፡ ሳይክያትርስትስ፡ ብዝነስሜን፡ ጻሓፎ፡ ጋዝጤኛታት፡ መሃንድሳት፡ ኢንጅነሪታት፡ ጠበቓታት፡ ስሾልወርከራት፡ ካውንስለራት፡ ኤክስፐርትታት፡ ሳይኮለጅስታት፡ ኤንትሮፖለጂስታት፡ መኮነናት ኣዲኦም ትቑጸሮም። መራሕቲ ሃገር'ውን ካብኡ ይፈርዩ። ኩሎም እዚኦም "ኣተሓሳስብ" ወይ ሓሳብ ኣፍርዮም ዝነግዱ ነጋዶ እዮም። እቲ ዓይነት ንግዲን ካብኡ ዝርከብ መኽሰብን ረብሓን ጥርሕ'ዩ ዝፈላለ።

ንእብነት ሶሻልወርከራት ብዛዕባ ስድራቤታትን ቆልዑትን ይግደሱ። ነቶም ስድራቤቶም ብጉቡእ ዘይከናኸንዎምን ዘይዕብይዎምን ቆልዑ ይከታተሉን ይሕግዙን የእምኑኻ። ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ጸገም ከኣ ነቶም ብግቡእ ኣይከናኸንዎምን ኢሎም ዝኣመኑን ምስ ወሰኑን ነቶም ቆልዑ ክሕድጉ ምሉእ ስላጣን ኣለዎም።

ከሕደጉ ዘለዎም ቆልዑ ክበዝሕሎም ይምህለሉ ይኾኑ። ብኣተሓሳስባ እቶም ሊቃውንቲ ፍልጠት ንሓሳብ ይወልድ፡ ሓሳብ ናብ ግብሪ ምስተቀየረ ገንዘብ ይወልድ። ገንዘብ ዝናን ኣኽብሮትን ይወልድ። እቶም ዕላማ ዝግበሩ ካብ መንእሰያት ኣዴታት፡ ካብ ሰኽራማትን ውሉፋትን ወለዲ፡ ካብ ህድኣትን ብቕዓትን ዘይብሎም ዝግመቱ ወለዲ፡ ካብ ዝተፈላለዩን ዝተፋትሑን ስድራቤታት ወዘተ ይኾኑ።

ናይ ስኒ ሓካይም ብፍላይ ኣብ ናይ ግሊ ዝሰርሑ፡ ዝተባላሸወ ስኒ ገዲፎም ዘይተባላሸወ ስኒ ብጕጠት መዝሒቖም የውጽኡ። ፍልጠት ዝለገሰሎም ክእለት ኣተሓሳስባ ወሊዱ መጨረሻ ዕላማ ክትነብረሉ ስለዝኾነ። ንኽትነበር ገንዘብ የድልየካ፡ እዚ ቅቡልን ርጉጽ ኮይኑ ኢዩ። ገለ ሓካይም ዝመሸሞሸት እግሪ ገዲፎም ነታ ጥዕይቲ ይቖርጹ። ተጋጊና ይብሉኻ። ክልተ እግሪኻ መምሃሪ ተማሃሮ ጌሮመንሲ ኩድም ትብል። ሸዑ እንተደለኻ ክሰሰና ኢሎም ባዕሎም ኣድራሻ ናይ ጠበቓትት ሂቦም የፋንውኻ። ገንዘብ ካብ እግሪ ይበልጽ ይብሉኻ!! ኣከለ-ጎደሎ ምስ ገበሩኻ፡ ኩሉ ነገራትካ ብትንትን ኣቢሎም ዳሓር ብስምካ ኩሎም ኪኢላታት ኮልል ይብሉ። እቲ ውጺት ኩሉ ገንዘብን ንገንዘብን ይኸውን።

ናብቶም ናይ ቆልዑ'ሞ ንመለስ፡ ዕላማ ንዝገበርዎ ቆልዓ ሓዱሽ ቃላትን ናብቲ ክበጽሕዎ ዝደልዩን ዝምርሖን ዝብጸሖምን ብጥበብን ከይተፈለጦን ይምህርዎ። ከምኡ ክገብሩ እንከለዉ ሓለይትን ተስቖርቆርትን ተገደስትን እዮም ዝመስሉን ዘምስሉን። ኣቦኻን ኣደኻን የፍቅሩኻ'ዶ ይሓትዎም። ኣዴኻ ነቦኻ ሃሪማቶ'ዶ ትፈልጥ ይደግሙ። ኣደኻ/ኣቦኻ ክትሓጽበካ ከላ 'መሸኒኻ' ትሕዞካዶ? ይሓትዎ! ሽዑ እንታይ ተሰሚዑካ ይደግምዎ። ሓፊርካን ተሰቂቕካን'ዶ ይቅጽልሉ፡ ከም ሳዕቤን እቲ ዘጋጠመ ሕጂ ሕርቃን'ዶ ይግንፍለካ ሕቶን ሓደስትን ቃላትን እናሰኹዑ ካልእ ሰብ ይሰርሑኻ።

ኣቦኻ ዓውዓው'ዶ ይብል? ንዓኻ ወይ ነ'ሕዋትካ ሃሪሚኩም ወይ ዓው ኢሉ ገሲጽኩም'ዶ ይፈልጥ? ሕጂ ነብስኻ ቅተል'ዶ ይመጸካ ይውስኽሉ። ሕቶ ድሕሪ ሕቶ ሰልቺይዎን ብዘይምስትውዓልን መታን ክሃድምን፡ ንኹሉ ብእወንታ ክሳብ ዝምልሰሎም የጨንቅዎ።……ዝተራቐቐን ንዓመታት ዝተጻፈፈን ክንደይ ሓንጎል ዝፈሰሶን ግደፍዶ ንቆልዓ ንዓቢውን ዘደናግርን ዝደናድንን እዩ። ሓሲብዎን ሰሚዕውን ገምትዎን ዘይነበረ ቃላት ኣብ ኣእምሮኡ ይሰኹዕሉ። ሰማይ ከዕርግዎ ኩሉ ጸብጻብ ይሕዙን የዳልዉን።

ንግዜኡ ክሳብ ዝጻረ ኣብ መዐሸጊ ይወስድዎ። ንድሕነቱ'ዩ ኢሎም ብምኽኒት ይሽፍንዎ። ሓደሓደ ግዜ ናብኡ ምናልባሽ ከይግፋዕ ኣልየሞ ክንሶም፡ ዝበኣሰ ግፍዒ ይወርዶ። ምናልባሽውን ንብዙሓት ልምድታትን ወልፍታትን ይቃላዕ። ካብቲ ምስ ስድርኡ ዝኸፍእውን ክኸውን ይኽእል። ንገለ ድማ የድሕንዎ!

ኩነታት ስለዝገደደን ብዙሕ ክፍርፈር ዘለዎን ስለዘሎ፡ ዝያዳን ተወሰኽትን ኣለይቲን ተመራመርትን ናይ ዝተፈላለየ ክእለት ዝውንኑን፡ ኤክስፐርትስ ይጽውዑ። ኣሻሓት ገንዘብ ይወጽእም። ጠበቓታት ፈራዶን ይሕወስዎ። ከምእውን ፖሊስ ወሲኾም ክሳብቲ ዝለዓለ ጥርዚ የብጽሕዎ። ኣቤት ዘሎ ጥውይዋያት! የሔው እዩ ዘብል። እተን ክልተ ዓይኖም በበይኑ ሕብሪን ቃሕ ከምዝበለንን ዝርእያ ንገሊኡ ኣብ ቅድሚ ኣፍንጨኦም ክንሱ ኣይሰማዕና ኣይረአና ይብሉና። ኣየዋጽኦምን ስለዝኾነ። ፍርሂ እኮ'ዩ።

ድሓር ብመልክዕ ላሕኩ፡ መርመቲ/ኣቃላዕቲ ጋዜጣታት ተሓዲሱ፡ ተቐቢሩ ዝነበረ ከምዝተፋሕረ ኣምሲሎምን፡ ወረ ኮይኑን የጽሙሙና። እቲ ዝገርም ግን እቶም ገበርቲን ዝገፍዑን እኮ ዓጽሞም ከይተረፈ ሓመድ በሊዕዎ እዩ።

እቶም ቆልዑ ዘይኮኑ እቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን እዮም ቀዳምነት ዝወሃቡ። እቲ ፍልጠትን ሓሳብን ዋግኡን፡ ኮታ እቲ ናብራን ኣነባብራን። ንኽትነብር ናብራ ካላኣት ትዝርግን ስድራቤታት ትበታትንን። ክትጥንቀቕ ዘሎካ ነታ ስራሕካ ዝደልዩን ካብኡ ረብሓ ዘለዎም ዝርእይዎ ጌጋ ከይትገብር እዩ። እቶም ንምጽራዩ ዝተደልዩ ኤክስፐርትስ/ ሊቃውንቲ ሃሰስ ተበልካ ኣብቲ ከባቢኻ ብቑዓት ይሰእኑ። ኣብ ሃገር ተሳኢኖም ተባሂሉ ካብ ስግር ባሕሪ ከይተረፈ ይሸምቱን ይቖጽሩን። ብምልዮናት ሎምስ ኤረ ብብልዮናት ገንዘብ ይፈሶን ይወጾን። ኣቤት ተዋስኦ። ስራሕ ምፍጣር ከይብልዎስ ብሰብ ምግዳስ ይሰምይዎ።

ነቲ ቆልዓ እንተዝሓልዩሉ ድኣ ነታ ዕሕ ፍንጭሕ ኢላ ዝወለደት ኣብቲ በጺሓቶ ዝነበረት ከይበጽሐት ዘይሓገዝዋ! እቲ ንመጻረዪን ንሊቃውንትን ዝወጽእ ገንዘብ ክንደይ ቆልዑ መምሃረን፡ ቅድሚ ኣብቲ ዝወደቕዎ ከይወደቑ መድሓነን። ወይ'ውን ክንደይ ሕሙም ምተሓከመሉ። ወይ ክንደይ ስራሕ ምፈጠረ።

ድሕሪ ዓወት ስውራ ዝኾኖንን ዝገብሮን ዝሰሓተ ኣይረኣናን። ጭንወት ዝብል ሕማም ስሚዕናዮውን ኣይንፈልጥን። ብጅካትም ስልጡናትን ከተመኛታትን። ሎሚ ኣብ ሃገርና እዚ መንገዲ ንምድምዶን ክንመላለሶን ነቂልና ኣሎና። እቶም ፍላስፋታ ከኣ "ኣተሓሳስባ" ገንዘብ ኢዩ፡ ይሰብኩና። እንተዋጺኡናስ ንኺድ።

**<u>ነውሪ ቀዲሕና</u>**

ኣቱም ሰባት ሓዳስ መርዓት ወሊዳ፡ ሻሽ ዝመስል ጡባ ገቲራ ህጻና/ዕሸላ ከተጥቡ  ፋዕራ ዝገብረላ ፍጡር ነይሩ ኣይምበልኩን። ሎሚ ግን ሸፍንዮ፡ ኢሎማስ ከነስተባህለሉን ክፍኣት ምሂሮምናን። ንተፈጥሮ ነውሪ እዩ ኢሎምና። ክልተ ሕደ ጾታት ተማሳቚሎም ክሓድሩ ግን ተፈጥሮ እዩ ይብሉና። ሰብኣይ ምስ ከምኡ ሰብኣይ፡ ጓልእንስተይቲ ምስ ከምኣ ጓልኣንስተይቲ  ክመራዓዓው ግን ሓላልዩ ይምህሩና። ኣንጻሩ ምዝራብ'ኳ ብግህሰት መስል ትኽሰስን ትግረፍን።

ክሳብ መዓስ ኢና ልኡማትን ረዓምትን ቀዳሕትን ሰዓብትን ክንከውን። እቲ ቀደም ነውሪ ኢሎምና፡ ዘጋገዩና፡ ሕጂ ከኣ ንሳቶም መሰልን ቅቡልን'ዩ ምስ በሉና እወ ክንብል እና። ንቃወሞ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ምኽንያቱ ምስቶም ብመሰል ዝርእይዎ ክጋጮ ኣይደልን። ምስ ሳይንስ ይኹን ምስ ኣባጅጎ'ውን ብኣሲ የብለይን።

ኣባ ጅጎ ከምኡ ጌሩ ዝሰርሖም'ሞ ኣነ እንታይ ክብል። እንተኾነ ደድሕሪኦም ዘኹዘኽ ክንብልን፡ ናታቶም'ዩ ዝበልጽ ኣናበልና ዘዝረኣናዮ ክንቀድሕን፡ ዘዝበሉና ክንደግምን ክብርታትና ሸይጥና ናብቲ ናታቶም ከነማዕዱን ነሕልፎ ዘሎና ኣደራዕን ሸንኮለልን እዩ ገሪሙኒ'ምበር። እቶም ሊቀሊቃውንቲና ከኣ ኮፍ መበሊ ቀይሮም'ሲ፡ በይንና ንኽዶ መገዲ ኣደዳ ውድቀት'ዩ የፈራርሁና።

## <u>**ወፍሪ ምስ መን**</u>

ካልእ ዝገደደ ካአ ኣሎ። እቶም ናይ ቁጠባ ሊቃውንቲ ድማ ብሕታዊ ውፍሪ ዘይተሓወሶ ቍጠባ ካባይታ-ባይታ ለመም ምባል ሓሊፉ፡ ፍሕት ኣይብልን'ዩ ይብሉናን ይምህሩናን። ከመይ ድኣ ከምኡ ክብሉ ኣለዎም እምበር።

ንነብሶም ኣብቲ ብኮ መስኩዒ ቦታ ኣዳሊየሙላ እኮ'ዮም። ወይልኻ ዓዃይ። መሬትካ መሬት መንግስቲ ኢሎም ምስ ኣሕደጉኻ፡ ቆቆሪሶም ንወፍሪ ኢሎም ክህብዎም፡ ንስኻን ደቕኻን ነዞም ንበይኖም ስለዘይረብሑ "ኡይ" ክብሉ ዝጸንሑ ነጋዶን ኣዋፈርትን ቦታ ለቚቕካሎም ክትከይድን፡ ናብ ማይ ዘለዎ ከግዕዙኻ ይደናደኑ ይኾኑ። እዛ ዓለምሲ ከመይከመ'ያ ትኾልል ዘላ? ምጥቑስን ምስዋርንዶ መሲላ፤ እቲ ፍርቂፍርቂ መትከላት ገሪሙና እኮ'ዩ። እንተኾይንሎም በይኖም ዝረብሕሉ ንሓና ክኣ ናይ ኣተሓሳስበኦም ግዙእትን ባራዩን ክንከውን ማለት እኮ'ዩ።

ቀደምሙ'ውን ዘይ ህጉርየ ኢኻ ተሰሚኻ። ኩድም'ዮም ዝብሉኻ። እቶም ዘዕበኻዮም ዘምሃርካዮም ተመሊሶም ይትረፍ በቲ ዝተማህርዎ ከገልግሉኻን ካብቲ ጸልማት ከውጽኡኻን ነተን  ጥላም-ሳእንኻን ዝተበጃጀለ ክዳንካን ክቕይሩልካ'ኳ ኣይደለዩን። ግራውትኻ ብጠገለ ዘይብሉ ውሕጂ ተተፋሕጉጉ ክወሰድ፡ ናይ ሕርሻ ክኢላታት ደቕኻ ኣብ ከተማታት ዊስኪ ክጭልጡ እኳ ዘክርሙኻ ኣይፈልጡን። ሎሚ ዛልዩ ዝብል መንግስትን፡ ጥብ ዝበለት ማይ ንዓቅብ እንተበለ መታን ከይሓልፈልካ ደቕኻ ባራዩ ገይርዎም ይምህሩኻ። ዓገብ። መንን ደቂመንን ክሰርሕዎ ድኣ ይጽበዩ፡ ኣበይ ዝበቖለ እኽሊ ድኣ ክሸምቱ ክበልዑን ይጽበዩ፡  ሕተቱ ደቀሺ ሕቶ ብዙሕ ሕቡእ ነገር ከግህድ ይሕግዝ እዩ።

ንገሊኣቶምሲ ምናልባሽ ካባኻ ምፍጣሮም ከሕፍሮምን ዘስክፍ ክመስሎምን ግድን ነበረ። ከይነግዱኻ ነቲ ዕነን ጭቃን ዝመልኤ ደንበ ክምለስዎ ፈንፊኖሞ። ሎምስ'ኳ ንሱውን ኣበይ ከይርከብ። "ዕነ ሓሪምዎ ደንበና ዶ ኣይተደርፈን"። ሳላ መግዛእትን ደርቅን ሸዑ ምስ ጸነታ ዘይተመልሳ። ንገለ ኣስመራ መኽውልን ምጥፋእ ምድሪን ኮይና ነበረት። መዐሸጊት ምሁራትን ሊቃውንትን'ዶ ንበላ።

ሎሚ'ሞ ኣስመራውን ተናዒቓ እያ። ምኽንያቱ ንዝያዳ ትምህርቲ ምስተላእኩ ደሞዝ ኣብ ክንዲ ብናቕፋ ብዶላር ተሸሪፉ። እዚ ኹሉ ተማሂረስ በዚኤን ከገልግል ኢለ ካብዚ ክምለስ ይብሉኻ። ኣብ ወርሒ 10፥ 20፥ 50 ዶላር እኳ'የን ዝኾና የእምኑኻ። ንስኻውን ከይተገንዘብካን ከይተፈለጠካን ብገርህኻን እሞ ኣብኡ ኮሎኻ ዘይትተረፍ ትሰማማዕ።  ብዓል ወዲ እገለ እኮ ብኡ ኣቢሎም "ኣማሪካ" ኮይዶም እዮም ውግሕ ፡ ሕልፍ ዝበለሎም ትምዕደን ተሰማማዕን።

ነቲ ሕቡኡን፡ ቀደም ኣብ ላይብረሪታትን ኤምባሲታትን "ብባሽኮቲን" ፍንጃል/ብብርጭቆ ነቢት (wine) ምስ ጣዓመ ነብሱ ዝሸጠን ዝተመረዘን፡ ኣንዊሑ ዝተጠጀአን ዝተወሰነን ብዘይፍላጥ ትሰማመዓሉ። እቶም ኩሉ ገዲፍካ ዘምሃርካዮም፡ ብገርህኻን ከይተፈለጠካን መሪቅካ ዘፋነኻዮም የምስልዎ። እግሪ ተኽልና ኢሎም ምስደወሉልካ ነቲ ናቕፋ ኣፈንፊኖሞሙኻ እንድዮም፡ ከይተረዳኣካ ቆልዑ ዘይጠዓሞም ትደግምን ተኾምሳዓን። ባዓለይ'ዶ ጎዲም ካራ ዝቕርብ ዘለኹ መሲለ። "እነሆልካ ካራ ጎያሓኒ" ዲዩ ዝበለ ደራፊ። ሓደዩ ሕልፈቱ።

እቲ ወሊድካ ዘዕበኻዮ፡ ንረብሓ ከብዱ ብፍንጃል/ብብርጭቆ ነቢት (ዋይን) እናጠለመካስ ንረብሓኻ ኣምሲሉ የገርሃካን የተዓሻሸወካን። ንሱ ናብ ካልኦት ዝሰርሕሉ ብርሃንን ጽርግያን ሸናዕ ይብል ንስኻ ግን ወትሩ ኣብቲ ጸልማትን በቲ ረጋሕን ክትዕንቀፍ ኣጻፍርካ ምስሎም ይቅይሩ። ኤህ ከይትብሎ ተርፍ ጽጋቡ ቁሩብ-ቁራቦ ይድርብየልካ። ንሱ ጥርይውን ኣይኮነን ምንባር ከሊኤሞም ፓለቲካ ከተኳማስዕን ከተቋስን ትጅምር።  ነገር ወላዲ እቲ ዝበዝሕን ናይ ሓዋሩ ጸገም በቲ ግዝያውን ዘይረብሕን ትርስዖ።

ዘገርም ከኣ ቁሩብ ጽንሕ ኢልካ፡ ኣሞ እዞም ቆልዑ፡ እቶም ምስኻ ተሪፎም ዘለዉ'ውን መታን ክስዕቡ..."የልቦን ዘይፈልጡ...." ኣብ ተሌፎን ወታእታእ ትጅምር። እቶም ዝተረፉ ኣሕዋቱ ብስፖንሰርን ካልእ ሽጥራታትን የግዕዞም። እታ ብርሃን ዝነበረት ገዛ ግርውረው ትብል። ሰፈር ሳሬት ትኸውን። እቲ ካብቲ ናብራኻ ዝሐሸ ናብራ ክህልዎን ነታ ህድሞ የማሕይሻ ዶኾን ዝተተስፈኻዮን ብዘይተጸበኻዮ ሽጣራን ጉርሕን ምእንቲ ዶላር ይጠልመካ።

ምስቶም መማሻጥርቱን፡ እቶም ከምዚከማኻ በርቅታት/ ንፉዓት ኣዕርኹትኻ ከነምጽኦም ንኽእል ኢና እኮዮም ዝብልዎ። ብመራኽቢ ብዝሓን ነቶም ዝተረፉ ይብክሎም። እቲ ንስኻ ዘይተገንዘብካዮን ዘየስተባሃልካሉን ስዉር ኩናት ንህልውናኻ እናዘራረጎን እናጉሕጎሖን፡ ንስኻ ግን  በቶም ኣቕዲሞም ነቢት ዝጨለጡ ዝብተን መዐሸዊ ቃላት ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ትደጋግሞ።

ድሓር ንሱ ካብቲ ማዕዶ፡ ኣብ ሶፋ እግሩ ሰቒሉ፡ ንሕሰምካ ኣብ መስኮት ተለቪዥን ከምቶም ጓኖት ምስቶም ጓኖት ይዕዘቦ። እቶም ስሉስ ዓለም ዝብል ጽዩፍ ናይ ጽዩናት ቃላት እንዳደገመ እቲ ኣብቲ ላይብረሪ ብብርጭቆ ዝርኽቦ ዝነበረ መስድዒ ነቢት፡ ክሳብ በጨቕ ዝብሎ ይሕንፍፎ። "Daman" this African dictators ኣሕፊሮምናኮ ይመጸደቕ።  ዓጦቕጦቕ እናበሎ ሓሊፉ ክንሱ ሳላ ዊስኪ ተደዓዒሱ፡ ጠላማት ጠሊሞሙኻ ንመንፈሱ ንኻልኣይ ግዜ ወይ ንሳልሳይ፡ ራብዓይ ይዝልፎ። ኦሮማይ ዘይ ኣብ ኣፍሪቃ ኢኻ ዘሎኻ። እታ ዘይሓልፈላ ጸልማት ክፍለ-ምድሪ/ ዓለም! ግዜ ይሕንበብ።

ንሱ ብስደቱ ንስኻ ምስናፍቆትካ ግዜ ይዓርቀኩም። እንታይሞ ተጣዒስካ ዘይምለስ። እንታይ ክዓብስ።

## <u>ስደት ነዊሑስ ተስፋ ግዲ ክቐርጽ'ዩ?</u>

ኣብ ስደት ግዲ ነዊሕ ገይረ ኮይነስ ኩሉ ትጽቢታት ክኒኪ ጀሚሩ። እቲ ዝኸፍአ ትግርኛ ክሓጽረኒ ጀሚሩ። እቲ ዘሐዝን ኣይ ካብ "እንግሊዘና" ኣይ ካብ ትግርኛ ሓዲግ ከይተርፍ ይሰግእ። ገለ ልቃውንቲ ትግርኛ

"ድኻ ቋንቋ" ክዝልፍዎ ሰሚዐስ፡ ኣነ ክኣ ብገዛእ ቋንቋይ ድንግርግር ክብለኒ ጀሚሩ። ደድሕሪ ኣድጊ ዝኸደስ ህላ ተዘይለመደስ ጥራጥ ለመ'ዶ ኣይተባህለን። ንሳቶም፡ እቶም ሊቀሊቃውንቲ'ኳ ትግርኛ ዝሓጸሮምሲ እቶም ዝበዛሕና ሓመድ ሓፋሽ ድኣ እንታይ ክንገብር። ክምህሩናን ኣብነት ክኾኑናን እናተጸበናስ ነቲ ቋንቋኦም ከነኣስዎን ሓሲብናዮ ዘይንፈልጥ ትሕተ ተኣማምነንት ክስርጹልና ደልዮም። እቲ ባህልና'ውን ድሕሩን ናይ ድሑራትን፡ ሳዕሳዒትና ክኣ ኮልል'ዩ ይደግሙ። እሞ ካብ ጸርፊስ ሓድሽ ሚሂዞም እዚ'ዩ ዘዋጸኣኩምን ዝሕሸኩምን ምዕቡላት ዘብለኩምን ተዝይበሉናስ፡ ነታ ዝነበረትናን ዘላትናን ኣጥፊእናስ ዲስኮን፥ ዓረብን፥ ኣምሓርኛ ክንለማመድ'ዶ ደልዮምና።

እቶም ንምኽሮም ዝሰምዑ ብዙሓት ጀሚሮሞ ኣለው። ሰሙን ብትግራይ ሓሊፍና ኢሎምሲ ኣምሓርኛ ቋንቋኦም መሲልዎም ስቐጥቀጥ ክብሉ ጀሚሮም ድሓር ረሲዐሞ ናብ ዝላን ኮለልን ይኣትዉ። እቶም ህጉርየ ግን ክሳብ ምዕቡል ሕዞም ዝመጹና ክንጽበዮም መሪጽና። ንጽበዮም ኣሎና።

'ጌጋ ይኽለኣለይ' እምበር መዝገበ ቃላት ትግርኛ'ኳ ወይ ብሓደ ሰብ ተጻሒፋ ወይ ትጸሓፍ ከምዝነበረትን ወይ ከምዝተጸሕፈትን ነቢበ ወይ ኣብ ኤሪ ቲቪ ርእየ/ ሰሚዐ ኣለኹ።

ነቲ ብተበግሳኡ ድዩ ወይስ ሓላፍነት ተዋህቡ ክገብር ዝተበገሰ ጽቡቕ እብሎ። እንተኾነ እቲ ንኣማኢታት ዓመታት ተደቒሱ ዝነበረ ትግርኛስ ከመይ ብሓደ ሰብ ክእከብ ይሕሰብ? ሰብ እንተዘይተውዲኡስ ወይ ዓቕሚ ባጀት እንተዝይሓጺሩስ ብውሕዱ 100 ሰባት ወይ ካብ 100 ንላዕሊ ክንስልዓሉ'ዶ ኣይምተገበኤን። ምስላዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝተመርጹ ሰባትን ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጽኡ ዓበይቲ ክኾኑ'ዶ ኣይ ምተገበኤን ወይ ዝበለጸ ውጽኢት'ዶ ኣይምነበሮን። እቶም ናይ መጨረሽታ ካብቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ መንግስታት ዝርኣዩ ካኢላታትን ለባማትን ድኣ ክንደይ ተሪፎም ከይህልዉ።

እቶም ዓበይቲ ክሓልፉ እንከለው ብዙሓት መበቆል ዘለዎም ቋንቋ ትግርኛ ሒዞም ይሓልፉ ኣለዉ። እቲ ቀንዲ ትግርኛ ክንብርብሮ'ዶ ኣይምተገበኤን። መጽሓፍ ቅዱስ እኳ ብ40 ዝተመርጹ ሰባት ተጻሒፉ ኢሎምናስ፡ "ዎ ኣምላከ እስራኤል".... ከምኡ ብምኻኑ እዩ ግዲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዙርያኡ ኮልል ክንብልን ከብሉናን ኣኽእልዎም ኣሎ።

ኣዚ ገና ብዘይሕቶን ፍተሻን ዝንበብ ዘሎ መጻሕፍታት ጥንቲ፡ ከከም ዝመስለካን ከምድልየትካ እዩ ዝትርጎምን መጻወቲን መሸኻዕለልን ኮይኑ ዘሎ። ሎሚ- ቅነ'ኳ ገኒኑን ህቡብ ኢንተርነትን ኮይኑ ዘሎን፡ ንጉሰ-ነግስቲ ኣጋእዝያን፡ ናይታ ብሕጂ ትፍጠር ሃገርን፡ ኣብ ቀጻሊ ንፕረስደንቲ ኢሳያስ ክትክእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ፡ ወናም ተጻዋቲ 'ቦለቲካን'፡ ንሰዓብቱ "መጻሓፍ ኣስቴር" ኣንተዘይተጋግየ ከምቲ ዝበሉኒ ደጋጊሙ ከምዘንበባን ከምዝፍተዋን ንሳቶምውን ንከንበብዋን ዓዲምዎም ይብሉ። እት ኩሉ ዘይሳእኖን ዝካኣሎን ምሕርቱ ይእዝዘልና።

ኣነ'ውን መልእክቱ ክሰምዓ ተሓቢረ ኣለኹ። እዋእ ሎሚ ኩሉ ምኽእል ጽቡቕ እዩ። ተደለኻ ናይ ቦለቲካ፡ ተደለኻ ሰባኽያን፡ ተደለኻ ተሃድሶውያን፡ ተደለኻ ጴንጠ ተደለኻ ጀሆባ፡ ሎሚ ከኣ ኣጋኣዝያን መጺኦም ኣለዉ። እቶም ፍላስፋታት ክልተ እዝኒ ኣለኩም ሰልዝነግሩና ክልተ እዝኒ ህብናዮም ክንሓደር ይእዝዙና። ነዞም ስራሕ ዝሰኣኑ ክልተሰለስተ ሰዓት ኮፍ ኢልኩም ስምዕዎዶ ማለት ኣይኮነን። እንድዕኸ ናበይናበይ ኢና ነብል ዘሎና።

ኣብ ሃገርና ናይ መጀመርያ ፍጥረት ሰብ ዝሕብር ተረኺቡ ተነጊርና። ከምኡውን ናይ ምጀመርታ ክርስትና ብኡ ኣቢሉ ኣትዩ ሰሚዕና። ሎሚ ንጉሰነገስቲ ኣጋእዝያን መስርሕ ምፍንጣሕ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሃገርና ክጅምር ኣለዎ ይስብከና። ዘይኩሉ ብእና'ዩ ጀሚሩ። ንዕቀት ኣንነት ትዕቢት ወዘተ። ርእስና ከነድንንሲ ኩሉ'ዮም ዝብሉና፡ ብዛዕባዚ ኣብ ዝቅጽል።

## ከይንስማማዕ ዘይተሰማማዕና

እቶም ምስማዕ እምበር ምንባብ ዘየዘውትሩ ከሲርናዮም ኣሎና። ምኽንያቱ ካበይ ኢዮም ቆሊቦማ እንድዒ ሎማ'ቕነስ ኣባጅጎይ እኮ ክልተ እዝኒ እዩ፡ ህቡና መታን ዝያዳ ክንሰምዕ ክብሉኒ ጀሚሮም ኣለዉ። ዓጃይብ ኢዩ! እስከ ሓቂ ይኹን እሞ፡ ናይ መንን ንመንን ኢናኸ ክንሰምዕ? ኣየነይ ቢዚነስ ከነመሓዳድረሉ ኢና።

ምቑልላብ ዘረብ ነዘውትር ማለተይ ግን ኣይኮነንኩን። መፍቶ' እቶም (slide and projector) ፕሮጀክተርን ስላይድ ኣዋዲዶምን ጸይሮምን ዓዲዓዲ ዝኸዱ ሊቃውንቲ በሃልቲ ግን ኣይንኹን። እቶም ክልተ ኣእዛንኩም ሃቡና ዝብሉ፡ ዘረባ ዝሸጡ ነጋዶ ምኻኖም ኣይትስሓቱ። ኩሉ ዓይነት በለጽን ተበላጾን ከነለልዮም ከድልየና ኢዩ።

እቶም ክስምዑ ዝደልዩ፡ ብጀካኣቶም ዝስማዕ ዝበሃል ዘይብሉ፡ ወይ ከስምዕ ዓቕሚ ጎደል፡ ኣምሲሎም ዝግሉፉኻን፡ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ኢሎም ምስ ቅሩብ ሓቂ ሓሶት ኣቛስዮም ዝልፍልፉን፡ ቁሩብ ሓቂ ፈይ ኣቢሎም ዝሓናጥጡን ከምኡ እንተበሉ ከይትግርሁ። ዘንበበ ይዕንብብ ትብል መርሆ ድኣ ኣዘውትሩ ደቀሺ። ብምስማዕ ዘጽንሑልና ኣቦታትና ምስ ሓለፉን ካብቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ተዳቒሉ ክመሓላለፍ ዘጥፋእናዮምን ዝኸሰርናዮምን ንዘክር።

እቶም ሓይልና ኣብ ምስማዕ ዘተኮረ ዝብሉ፡ ምስማዕሞ ክንስምዕን ጽን ክንበሃሃል ጽቡቕ እዩ። እንትኾነ ምስማዕ ጥረሕን ኣብዝርይኡ ዘተኮረን ምስ ድንቁርናን ምጥፋእ ማህይምነት ክቕበሩ ኣለዎም። ክንስምዕን ከነስምዕን ኢና፡ ዝብል ጭርሖ ሒዝና ነቶም ዕድሜና ክሳብ ዝበሊ ሃሁ ዝበሉን ዘዝበልዎ ክንስምዕ ዝዕድሙናን ዝሰብኩናን ከም ጎድፍ ዘዝደርበዩልና ክንቅበል ጥራይ ዘይኮነ ማዕሪኦም ክንከውን ክንሓስብ ይግባእ።

ንሳቶም ሓሳብ፡ ዘረባ፡ መኽሪ፡ ማዕዳ፡ ጽሑፍ ገንዘብ ክወልድ ኣለዎ ኢዩ፡ መምሪሒኦም። ዕዳገኦም ንሕና እቶም ክንሰምዕን ዘዝሓንጠጥዎ ከንንብብን ንዕደም ዘሎና ኢና። ኩሉ ምእንቲ ረብሓ እዩ። ዘይንሰምዕ ኮይና እምበር ምስ ገንዘብ ተላዘብ'ዶ ኣይተነገርናን።

ክሳብ'ቲ መንእሰይ ወለዶ ዝርክቦም፡ እቶም ነዚ ኣቐድም ኣቢሎም ዝጎርሕሉ፡ እቶም ምንባብን ምስማዕን ናብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ዘደየብኩም፡ ተዘውትሩን ናይ ምዝርዛር ዓቕምን ክእለትን ዘለኩም 'ሊቃውንቲ' ብቅንዕና ክትመርሑና ንጽበየኩም። ኣእዳውኩም ቅኑዕ ክሕንጥጣ ልሳንኩም ሓቂ ክትሰብኽ ናይ ወትሩ ጸሎትና እዩ።

ምስማዕ ንስለምስማዕ ዘየጥፍእ እንተኾይኑ ነዞም ናይ ጽባሕ ሓዳስ ሃገር ክምስርሑ ዝደልዩ ዘለው ንጉስ ነገስቲ "ምስማዕ" እኳ እኹል ኣብነት እዩ። ንስምዖምን ንነቦምን ክንፍትጎምን ክንክሽኖምን ክንክልሶምን ክንዝርዝሮምን ክንርድኦምን ክንግንዘቦምን - እንታይ እዮም ከሕልፉልናን ክምህሩናን ከውርሱናን ዝደልዩ ዘለዉን ዝብል ልቦና ከነጥርን፡ ነቲ "ኩሉ ዘይሰኣኖ" ዝሰርሓና ልዑለ-ሉዑላን ክንልምን ከድልየና እዩ።

ንምድግጋሙ፡ ለካ "እቶም መሃይማንን ደናቁር ኣቦታትና" ካብ ምህሮ ኣእምሮ ዝበልዎስ ሓቂ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ዝብል ጸኒሕን መሃርን ኣለባሚ ኣበሃህላን'ውን ብግቡእ ክንግንዘቦ ከድልየና እዩ፡ ጥራሕ ዘይኮነስ ብግቡእ ከነዘውትሮን፡ ክንምረሓሉን፡ ይግባእ።

እዚ ምኣስ ጥራሕ ብፖለቲካዊ መነጸር፡ እዚ ሕዝናዮ ዘሎና ዓመት ወዲእና ቅሩብ ተስፋ መስተርሆት ንርእየሉ ኣብዘሎና 'ኣጋ ወጋሕታ'፡ ደርፊ ጅብሃ ዓባይ እንታይ እያ ትብል ዝነበረት? ህውኽ ኢሎም

ድኣእዮም ደሪፎማ እምበር፡ "ኣብ ደርሆ ነቑ ኣጋ ወጋሕታ ተስፋ ቆሪጹ እቲ ቀጣፊ.. ጀሚሩ ንብዓት" ኢሎም ነይሮም። መን መርዓት ምስ በለክን ትኳሓላ ድኣ ኮይና ተሪፋ። እቲ ዜማ ግን ትንቢት ጥራሕ ኮይኑ ኣይተረፈን። እዋእ እቶም ቀጠፍቲን እቶም ናብ ባርነት ዝጸንበሩናን፡ ንጥፋእትና ዝሓልሙንሲ ኣይከምሕልሞምን። ኣይሰመረሎምን። ኣይክሰምረሎም ከኣ እዩ። ኣይጥዓሞምን። ክፍእት ንመሃዚኣ ግዲ ኮይኑስ፡ እቲ ዝኸውን ዘሎ እዝግዮ ዘብል እዩ። ንፋሶም፡ ኣይልከየና። ንኣኣቶም ከኣ ካብቲ ኩፉእ ሓሳብ ምሕረቱ ይባርኸሎም።

ስነጥበባውያን በዚ መንጽር ክረኣዩ እኳ ዕድለኛታት እዮም። ዝተራእዮም ከምዝመስሎም፡ ገሊኣቶምሲ ሓያላት እዮም ኣብ 'ውሽጠ-ዘ' ኣእትዮም'ዮም መልእኽቶም ዘመሓላልፉ። ገሊእቶም ከኣ ድርጉሕ የብልዎ። እቶም ንጹር ዝገበርዎ ዋጋ ይኸፍልሉ። ንኹሉ እንኳዓ ኣርከብክሉ'ዶ ንደጋግማ ኣሎና። ዋናኣ ጥራሕ ኢዩ ዝፈልጣ። ንሕና ግን ከከም ጸገምና ንትርጉማ።

ለካ ወዲ ሰብሲ ኣብዛ ዝተዋህበቶ ዓለም ብጽቡቕ ከይነብር ዝሓረምዎን ዝነፈግዎን ፈሪሑ፡ ካብኡ 30 ክሳብ 80 ዓመት ምስ ጩለጦ'ውን እዚ ኣብዚ ዘይረኸቦ ቅሳነትን ኣብ 'ላዕሊ'ውን' ከይስእኖ ብዙሕ እዩ ዝጭነቕን ዝሓስብን። ሕስብ እሞ ኣብሉ እዚ ምድራዊ ሕሰሙ ኣብ 'ታሕቲ' ድዩ 'ኣብ ላዕሊ' ከይድገም እፈርህን። ገንበሩ ክሳብ ዝልሕጸጽ ሕቖኡ ክሳብ ዝጉብጥን/ዝስበርን ከኣ ኣእምን ክስዕም የሕልፎን።

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ብዘይምስትውዓል ሎሚ'ውን ንቀዳደመሉ'ዶ ኣሎና ሓቀይ። ወይስ በይነይ እየ ዓቢደ ዘለኹ።

ንዝሕል ኣሎና። ናብ በረድ ቀይሮምና! ኣነ ብተፈጥሮይ ዝሑል እየ። እዶእ መን በለ! ኣነ ኣብቲ ክፍርዮ ዝግበኣኒ ሰለዘየለኹን ንነብሰይ እቲ ክትኮኖ ዝግብኣ ስለዝተሓረመትን እያ፡ ሸንኮለል ትብል ዘላ! ቀልጢፍኩም ክትወስኑ ተዳናዲንኩም ጸኒሕኩም። 'ኣነ' ትብል ቃል ክንሰምዕ እንከሎናን 'ንሱ' ትብል ቃልን እኳ ካብ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ከይትድምስሰወን ዘስግእ ኩነታት ይቕልቀል ኣሎ። ሕጂ ከኣ ብዛዕባይ ዝዛረብ ዘለኹ ክመስለኩም እዩ'ሞ ከምድላይኩም ግበሩ። እታ 'information overload' ትብል ቃል ብተራ ርድኢትን ክኒኡ ዘለዋ ግንዛበን ትርጉምን እሞ ኣጋናዝብዎ።

ሽዑ ከመይ ከምዝነበርናን ዘሎና ከነዋስቦ ወይ ከነተሓሕዞ ክንክእል ኢና። ኢንግሊዝ ካብ ዓለም ኣኻኺቡን ቀዲሑን ተለቂሑን እዩ ገዘፍቲ መዝገበ ቃላት ሰሪሑ። ኣብ ላዕሊ "ከነዋስቦ" ንኽእል ኢና ትብል ቃል ተጠቒመ ኣለኹ። ነታ ቃል ካብ ወዲን ጓልን ምምርዓው ኣውጺኤ ኣብዘይቦትኣ ሰኹዕያ'ዶ ይኸውን? እቶም ልቃውንቲ ኣበይ እዮም ተሓቢኦም ዘለው። ኣብ ዓለም ንሓንሳብ ከምዝንበርሲ ዘንጊዖም ድኣ ከይህልዉ። ኩልና 'ብዛዕባይ' - ኣነ ገዲፍና ወይ 'ኣነ' ምስ'ታ 'ንሱ' ኣድሚቕና ኢና ክንቅጽል ዝግበኣና። ንሰማማዕዶ ኣሎና። ወይ የለናን። ነዛ ዝብላ ዘለኹ ተዘይተገዚብኩም የለናን ምባል ጥርሕ እኳ ውሒዱና። ከልእ ቃል ግን የብለይን።

ስለዚ ኣብ ክንዲ እቲ ኣብ ግዜ ኣቦታትና ዘይነበረ ሳላ ተክነሎጅን ካልእ ምዕባለን ዝተቀልቀሉ ቃላት እቶም ሊቀሊቃውንቲ ተኣኪቦም ከመይ ንተርጉሞ ኢሎም ክሕስቡ ዝሓድሩ፡ ምስቆልዑት ኣብ ፓልቶካትን ፈይስቡክን ክጻረፉን ንእሳያስ ከውርዱ ክሕርቅም ክብሉ ይሓድሩን፡ ኣየሕዝንን።

ሰስራሕና ተንገብር'ዶ ኣይምሓሸን? እቲ ዘሕንኽ ከኣ ብመዓልቲ ካራባታ ተሓኒቖም ንስሞም ቅድመ ጥብቖ ኣሰኒዮም ፈጩጭ ክብሉ ከምዘይወዓሉ፡ ምስ ጸልመተ ናብ በጋሚዶታት ይቅየሩ። ብድሕሪ ኮምፒተር ተሓቢኦም ብዙሕ ምስ ዕድሜኦምን 'መዝነቶም ክብሮምን' ዘይሳነን ዘይከይድን ክጻረፉን ክብሉን ክትሰምዕ ሰብ ምኳንካ ስለዘይተርፍ ነብስስጋኻ ክንትፍትፍ ይብለካ። ዘየ'ስተባሂልኩም ሕጂውን ኣይደንጎኹምን ኣስተባህሉን ጽን በሉን። ተ..ኢ፡ ተ...ት፡ ዝብሉ ትሕቲ-ዕድመ-ጓሶት ኣብ በረኻን ካብ

ስድራኦም ርሒቖም ዝጥቀምሉ ኣብዚ ምዕቡልን ኣማዕቢሉናን ዝብልዎ ኮይኖም ክብልዎ ክትሰምዕ ነተን ቅድሚ ስሞም ዘለዋ ርሂጾም ዘምጽዎን ኣሕድጎም፡ይመጸካ።

ይቅጽል

ዓወት ንሓፋሽ

መኮነን ዓንተራይ